# መድረኽ

*ሕታም 1 ቁ 10፤ 3/6/2014    Editor: Tesfaldet Bahlibi*

## ኩሉ ነገራት ኣብ ግንዛበ - Imagining All Scenarios

□□□□ □□□□ □□□□□□□□□□□□□

## ቀዳማይ ክፋል

### ትሕዝቶ ኣርእስትታት



| ቴርታ | ኣርእስቲ | ክፋል | ገጽ |
|---|---|---|---|
| 1 | ንመዘኻኸሪ | ቀዳማይ | 1 |
| 2 | A brief prefix/ሓንትን ክያንትን | ቀዳማይ | 1 |
| 3 | ኩሉ ነገራት ኣብ ግንዛበ | ቀዳማይ | 3 |
| 4 | ሕጂኸ ናበይ ናበይ | ቀዳማይ | 5 |
| 5 | ጠንቅታት ፍሽለት መኻን ተቓውሞ ከሰዕቦ ዝኽእል ሓደጋታት | ካልኣይ | |
| 6 | ከምቲ ጀሃዳዊ ምንቅስቓስ ከተኸሎ ዝደሊ ስርዓተ መንግስቲ ዘይ ኮነስ ኣብ ኤርትራ እቲ እንኮ ዘዋጽእ ስርዓት ዕልመናዊ ምስ ዝኸውን . . . . | ካልኣይ | - |
| 7 | ናዝራዊነት ኤርትራውያንከ እንታይ ይብል | ካልኣይ | - |
| 8 | ፈነዋታት ምስጢራዊ ዓሊሳሊምዝም ብመነሃርያ ዓዋተ.ካም | ካልኣይ | - |
| 9 | ይቕጽል | ሳልሳይ | - |



## ንመዘኻኸሪ

**ዓራቶም ዝጸበበቶም ዓሰርተ ኣህባይ፡ ርሓቐለይ ቅረበለይ ከበሃሃሉ፡ ሓደ ደድሕሪ ሓደ ከጸድፉ እንክርኣዩ ከለዉ። ctrl/click = (Tenmonkies ) ስኣን ስኒት ዘሰዕቦ ተነጻልነት - ንተቓወምቲ ኤርትራ ይምልከት።**

## A brief prefix /ዘሎኳ ተወከፍ

*At a time when Medrek has been comfortably hibernating, it has to wake up involuntarily because of irritating noises coming out from our compatriots' writing; presenting their views about the Eritrean contemporary polity with styles and contents ranging from white belts to black belts persuasion.*

Email: fewsilybee@yahoo.com

*You can't ignore it; some of them are eye poking. Hence, you are to say something in regard. Nevertheless, it is not to say, at all, that this responding paper will help to stimulate the great political depression of our time for the Eritrean opposition impasse. It could, however, serve as a scratcher highlighting the chronic epidemic that the oppositions are being subjected to becoming dysfunctional as a result of their own doing to the extent kneeling down to foreign maneuvers, of which, the Weyane wicked factor is a primary. Before walking one step to the next jungle of Medrek's imaginative thinking, few words about the Weyane may shed light to the relevance of the status quo.*

*The Weyane of Ethiopia is playing the Eritrean card dangerously like its predecessors regimes but using different mechanisms. Even though the Weyane ideologists believe that they have avoided the widely speculated disintegration of Ethiopia because of their visionary federal system; the speculation has not yet faded. The **mysterious death** of the late PM Meles Zenawi may lead to a power shift, sooner or later, from the now Weyane monopolized coalition party, to the unknown, as it had happened of power reversal when Emperor Yohanes was killed by the Sudanese invader army, and then, his enemy Emperor Menelik happily took reign over Ethiopia.*

*Also, a limited effort shall be made **to probe the certain motives** which are being busy satanically to disintegrate the people of the united Eritrean nation into fanatic sects by Islamists and Christians in general; and especially led by the fatal ethnic **cults motive.** Believe it or not, these **cults**, in no uncertain terms, they are rejected strangers by their own base tribes. They represent no else but their own fanatic cult.*

*The following writing will use the power of the Tigrigna fluency, a master language in Eritrean society, way far superior to English, Arabic and many others if used grammatically correct. If anyone could be liberal from a contentious egocentric mania, aren't they ought to ratify that this widely spoken and written language in Eritrea at present time is the only communication model that Eritreans could use it effectively united as their own working language and or as official language: similar to the Amharic usage for the unrelated societies of Ethiopian?*

*Credit goes to Aba Selama Kesateberhan/FremanaTos, for his historic contribution in the development of the Geez Alphabet vowels. The spiritual guru of his time was like a College Dean of Art in the caves of St Mary's Monastry of Debre Sina: the regnal Christian ritual capital of Dembezan. Debre Sina was the home of The Geez Alphabets where the first Bible for the Medribahri society was translated to Geez. The Geez alphabets are, among many others heritages, considered as a major coefficient of pride in Eritrean. Our*

*neighbors' people from the southern border of that era used to come to study the Geez language in the Holy sites of Debresina and SeniHit Valley. It attests the fact where the ancient Empire of Mdribahri was the lauching pad for civilization to both the North and South societies of the Merebmlash.* *ካብዚ ንታሕቲ ብትግርኛ።*

## ***ኩሉ ነገራት ኣብ ግንዛበ***

*ናይ ሎሚ ቴማ መድረኽ፤ ነቲ ናይ ልሉያት ኣሕዋትና፡* ***ንሓደ ድሩት ዕላማኦም ንኸተግባሩ እንክብሉ ወጢኖም*** *፡ ብሰንኪ ዘይ ንጹር ራኢዩን፡ ዘይ ንጹር ስልትን/strategy፡ ጸማ ናታቶም መመከሒ፡ ወይ ፍረ ኣልቦ ኮይኑ ምስ ደምደመ፡ ንዝምልከት ወድዕነት ክትርእዮ ኢያ።*

*ሓደ ምድረ በዳ፡ ከም ምድረ በዳ ሰሃራ ኣፍሪቃ ዝኣመሰለ፡ ዋላ እንተ ሰፍሔን እንተ ነውሔን፡ ብዘይካ መርዛማት ለምምታ ዝነብርዎ መኸን ቦታ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ኣፍራይ ኣይ ኮነን።* ***ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ተባሂሉ*** *ዝፈልጥ ድማ፡ ምድረ* ***በዳ ተቓውሞ ኤርትራ ተባሂሉ እንተ ተዘርበሉ ካብ ሓቂ ርሑቕ ኣይ ኮነን።*** *ከም ኣብነታት ዝጥቀሱ ድማ፡ ነቲ ኣብ ናይ ጀብሃ እምንቶታት ረጊጹ፡ ኣቐዲሙ ተቓውሞኡ ኣንጻር ሻዕብያ፤ ድሕሪ ነጻነት ድማ፡ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ፡* ***ብሰንቂ ዘረይቲ ሃገራት ዝንቀሳቐስ ዘሎ፡*** *ዘይ ምዕሩይ ወይ ቁናን ውድባዊ ፈተነ ክፍተን እዩ።* ***ካብ ተቓዋምነት ናብ ተጻራርነት ስለ ዝተሰበሎ*** *ድማ፤ ኣብዛ ድርስት እዚኣ፡ መለለይ ስሙ፡* ***መኻን ተቓውሞ*** *ተባሂሉ ክጥቀስ እዩ። ናይ'ቶም ካልኦት ተቓውሞ ከኣ፡ ጌና ንመለለይ ዝኸውን መትከል ዕላማ ዝሰኣኑ ስለ ዝኾኑ፡ ናይ* ***ደወሻ ተቓዋሚ*** *እንተ ተባህሉ የምሕረሎም። እዚ ወገን እዚ ኣብ ክልተ ይምቀል። እቲ ቀዳማይ፤ ሓደ ክፋል ናይ መንእሰይ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ሲቪካዊ ዝብል ስም ብላዕሊ-ላዕሊ ዝለብስ ኮይኑ፡ ምስተን ፖለቲካውያን ውደባታት ኮይኑ ከኣ፡* ***ፖለቲካዊ ቁልምጽና ዝለመደ፤*** *ብየማነ ጸጋም መሳርዑ ዝቐረየ ነዳይ፡ እንተ ተባህለ ካብ ሓቂ ርሑቕ ኣይ ኮነን።*

***እዚ መኻን ተቓውሞ እዚ፡*** *ብሕምቀቱ፤ ብፍሽለቱን ልምሰቱን ዝልለ ኮይኑ፡* ***"ሓንካስ ዝመራሒተን ኣሓስ ኩለን የንደልህጻ"*** *ከም ዝተባህለ፡ ነቶም ኣብዚ ናይ ምቅዋም ውራይ፡ ክሳተፉ ንዝተንስኡ ሓደስቲ ኢታው መንእሰይ፡* <u>*ከልኽሰሶም ይርኤ impairment።*</u> *ሓዊሓዊ ዝጨንዉ ኣባጽሕ ክነሶም፡ ሳዕቤናት ናይቲ ጸኒሕ ፍሽለታት፡ ብዘኽተሎ ሰርታት ድማ ፡ ስኣን ምኩር ቀላሲ፡ መኣዝን ዘጥፍኡ ይመስሉ። ብማዕዶ-ማዕዶ፡ ኣብ Paltalk መኣከቢ ዘይ ብሉ ሕቱኽቱኽ ክብሉ ግን ኣይ ሓመቑን። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ካብቶም* ***ናይ መኻን ተቓውሞ፡*** *ዝሓይሽ ውራይ እንታይ ይባቑጡ ኣለው፡ ኢልና እንተ ሓቲትና፡ ብዙሕ ፍልልይ የብሎምን፡ ብዘይካ ኣብ ኣጠቓቕማ ናይ ዲጅታል/ኢንተርነት ሚድያ። የገዳስ፡ ኣብ ዘመነ* ***መኻን ተቓውሞ*** *ተራእዩ፤ ተሰሚዑን ተገይሩን ዘይ ፍለጥ ኣብዚ ዘመነ፡* ***ደዋሺ ተቓውሞ፡*** *ከግመት ዘይ ሕሰብ ዝነበረ ነውርታት ተኸሲቱ።*

1. *ኣብ ከተማ New York, USA, ሓደ በዓል ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኢደባባይ ከም ሓደ ህበይ* ***<u>ክሳጎግ</u>*** *ርኢና። ከምዚ ዝኣብነቱ፡ ዘይ ቅርዑይ ተረኽበ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ፤ ናይ ግብረ ደወሻ ዝዓይነቱ ይመስል። ምቅዋም ደኣ ብደወሻ ድዩ?*

Email: fewsilybee@yahoo.com

2. *ኣብ ከተማ ኦክላንድ ካሊፎርንያ ከኣ: ዝገደደ ውርውራ። ንናይ ኤርትራውያን ማሕበረሰብ: ሲቪካዊ ጉዳያት ዝግልገለሉ ዝነበረ ሰላማዊ ህንጻ: መስበርትታት በጺሑዎ። ከምዚ ዝኣብነቱ **<u>ህዉጽ ንጥፈት፡</u>** ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ፤ ናይ ባርባርያዊ ግብረ ሽበሮ ዝዓይነቱ ይመስል። ምቅዋም ደኣ፡ ኣብ ሃገረ ሕግን ሰላም ዝሰፈኖ ምዕቡል ሕብረተሰብን እና ሃሎኻ፡ ብሕጊ ዘቕጽዕ ሽበሮ እና ፈጸምካ ድዩ?*
3. *ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከኣ **<u>ሕሉፍ ወደቓ</u>** (ambush)። ብደረጃ ልእላውነት ናይ ሓንቲ ሃገር መዓርግ፡ ዝኸበር ናይ ኤርትራ ኣምባሳዶራዊ ግቢ፡ ከውረር ርኢና። ከምዚ ዝኣብነቱ **<u>ርቡጽ ውዕሎ ፡</u>** ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ፡ ኣሕናኺ  ዝኾነ ስጉምቲ፡ ናይ ግብረ ሽፍትነት ይመስል። ምቅዋም ደኣ ብኸምዚ'ዶ እግበርዩ?*
4. *ኣብ ዲኣስጽራ ዝነብሩ ኣህዛብ ዓለም ዘበሉ፡ ነናይ ሃገሮም ባህሊ፤ ልምዲ፤ ቅርስን ወግዕን ከዕቅቡን ናብ መንእሰይ ወለዶ ከመሓላልፉን፡ ፈስቲቫላት ብምስንዳእ ይነጥፉዎ። ዲያስጶራዊ ማሕበረሰብ ኤርትራ ከኣ፡ ነቲ ኩሉ ናይ ሃገርና እንታይነት ንምዕቃብን፡ ናብ ደቅናን ደቀ ደቅና ንምትሕልላፍን፡ ምዕሩግ ውራይ ፈስቲቫላት የካይድ እዩ። መንእሰያትና ዝፋለጥሉን ዝመሓዘውሉን፡ ናይ መተኣኻኸቢ ቦታ እናኾነ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብዚ ኣጋጣሚታት እዚ፡ ዝተላለዩ መንእሰያት፡ **<u>ኣብ መውሰቦ ዝበጽሑ፡ ከም ዘለዉ ንፈልጥ።</u>** ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅዱስ ዕላማ ዘለዎ ውራይ ግን፡ ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ሰባት ተኣኻኺቦም፡ ነቲ ፈስቲቫል ከሰናኽሉ፡ ረጽምታት ምስ ተኻፈልቲ ፈስቲቫል፡ ከፍጽሙ ንዕዘብ ኣሎና። ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ተቓውሞ፡ ለውጢ ከምጽእ እየ ዝብል ተቓዋሚ ዝምቡል እዩ። ከምዚ እናገበርካ ደኣ፡ ተቓውሞ ይበሃል ድዩ? ምስ ህዝቢ ምብኣስ?*
5. *ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ፡ እንቶስ ብልቢ፤ እንቶስ ብፍርሒ፤ እንቶስ ብጉርሒ፡ ደጋፊ ናይ መንግስቲ እዩ። **<u>እዞም መኻናትን ደወሽትን ተቓውሞ</u>** ግን፡ ነዚ ህዝቢ እዚ፡ **<u>"ወይጦታት ህግደፍ"</u>** ክብሎም ይስማዕ። ሰፊሕ ህዝቢ እንተ ደኣ "ወይጦ" ኮይኑ ደኣ፡ ንወይጦታት ሓራ ከተውጽእ ዲኻ ትቃወም ወይስ "ትውጋሕ እሞ" ዝገብሮ'ሎኺ ማለትኻዩ? ብኸምዚ ደኣ ምቅዋም ኣሎ ድዩ?*
6. *"ከውዕየካን ብማንካ፡ ከዝሕለካ ከኣ ብኢድካ" ከም ማለት፤ ንሰራዊት ምክልኻል ሃገረ ኤርትራ፡ ከም ናይ ስለላ ሓይሊ ፈሊጥካ፡ ንዑኡ ምስ ሰራውር ህግድፍን፡ ካብ ስሮም መሰረቶም ከጠፍኡ ኣለዎም፡ ክትብል ምስ ጸናሕካ፤ ወዲ ዓሊ ንዝፈተኖ ስርሒት ፎርቶ መዝሚዝካ ግን፤ ንሱ ከም ዳግማዊ ወዲ ዓዋተ፤ ጥሪ ዕብዲ ከኣ ከም ዳግማዊት መስከረም ብምምስሳል፡ **<u>ኣብ ዕዳጋ ፖለቲካዊ ኮንትሮባንዳ ከተሸርፎ ምፍታን</u>** ደኣ፡ ተገራጫዊዶ ኣይ ኮነን? ተቓውሞ ደኣ ብሃሰስ ይግበር ድዩ? ወዲ ዓሊን ሰራዊት ምክልኻልን ስምበር፡ ሰራውር ናይ ህግደፍ እዮም!!! ወይ ንኹሎም ምኹናን ወይ ከኣ ንኹሎም ምምጓስ!!! ከውዕየካን ብማንካ፡ ከዝሕለካን ብኢድካ እና ገበርካ  ምቅዋም ደኣ፡ ከመይ ድዩ ምስጢሩ?*
7. *ኣብ ጽንብል ዑዙዛት በዓላት ሃገርና - ሓዲሽ ዓመት፤ በዓል ነጻነት፤ ስርሒት ፈንቅል፤ ሓደ መስከረምን ወዘተ ኣብ ዝኽበረሉ ዕለታት፡ ምዕርጓት ሰብ ወርቂ ወለባ ወዘራዝር ዘጋታትና፡ ዓይኒ ኣባየን እደፈን፡ ማዕሪገንን ኳዕኒነን ንዝመስልአ ኣጋጣሚታት፡ እዞም ተቓውሞታት ግን: ብዕሉግ መልሓስ እና ተጠቕሙ፡ ከም ቀለልቲ ኣንስትዮ፤ ገቢሮም ንክብርታተን የመራስሑ። ህዝብኻ እና ኣሕሰርካን እና ኣዋረድካን ደኣ ተቓውሞ ከመይ ድዩ? እሞ ከኣ ነዴታት!!!*

Email: fewsilybee@yahoo.com

8. ኣብ ሸወደን፡ ህንጻታት ማሕበረ ኮማት ኤርትራውያን፡ ጸልማት ብዝተኸድና ኣእዳው፡ ብባርዕ ሓዊ ተሃሚኾም። እዚ ከምዚ ዝኣብነቱ ሕቡእ ስጉምቲ፡ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ፡ ኣኽራርነት እዩ።

ካብ ቁ.1–7 ዘለዉ ነገራት፡ ከመይነቶም ሩኡይን ስሙዑን ስለ ዝነበረ፡ ዘደናግር ኣይ ኮነን። ኣብ ቁ.8 ዘሎ ግን፡ ናይ መንገበሮ ዝገበሮ እዩ ኮይኑ። መንከ ገበሮም? ብደቂ ሸወደን፡ ዝተገብሩ እዮም ነይሮም ከይ ንብል፡ ኤርትራውያን ነባሮ ሸወደን ደኣሞ፡ ኣብ ምንታይ ሕሰሞም ምስ ወዓሉ ኮይኖም እዮም? እንተ ደኣ፡ ዓለምለኻውያን ኣኽረርቲ እዮም ፈጺመሞ፡ ኢልና እንተ ሓቲትና ድማ፤ ካብ ዲያስጶራ ኤርትራውያን ነባሮ ሸወደን ደኣ፡ እንታይ ክረብሑ ስለ ዝደለዩ እዮም? ስለዚ ካብ ከም ዚኣቶም ኣይ መስልን። **Arhe Hamednaca** ***ኤርትራዊ-ሸዌድናዊ፡ ኣባል ፓርላማ ሸወደን ከም ዝበሎ*** ግን፡ ካብ ኣሕዋቱ ኤርትራውያን ምኻኑ ብውዕዩ እንከሎ ገሚቱ። በለ ድማ፡ "It could be a group siding with the government that wants to drag the opposition through the mud; they're known for doing that."(Cnn )

ናቱ ግምት፡ ነዩናይ ወገን ኤርትራውያን ከም ምኻኑ ብዘየገድስ፡ ካብቲ ናቱ ዝተፈልየ፡ ናይ ምልዮናት ኣህዛብ ግምታት ከም ዘለዉ፡ እንኣምን ሃገራውያን ህጉራት ኣሎና። እዞም ሃስያታት እዚኣቶም፡ ኣብ ዘመነ ናይ ደወሻ ተቓውሞ ስለ ዝተቐልቀሉ፡ ጽንሕ ኢልና ካብኡ ዝኸፍእ ከይ ንርኢ ኣስጋኢ እዩ። ምስ እዚ ደወሻታት እዚ እና ተሳነየ ክመጽእ ዝጸንሐ ከኣ፡ ኣብ ሜድያ ፓልቶካትን ዌብሳይታትን፡ ኣብ ትግባረ ቅትለታት ሰባት ገጹ ዝእንፍት፡ ናይ ኣሳሲኖታት ዝምባሌታት ይሸሕሻሕ ኣሎ።

እዞም ድሒሮም ተጠቒሶም ዘለዉ ተቓወምቲ፡ ***ገለ ካብ ኣቶም፡*** ***ነቲ መኻን ተቓውሞ፡*** ዝወቕሱ ዘለዉ ኣምሲሎም፡ ንኽብርታት ታሪኽ ሶውራ ኤርትራ ዝግህስ፡ ልቦም እንዳ ሃረሙ ይዛረብሉ እዮም። ፍልዩነቶም ከርእዩ ***ህርዱግዱግ*** እኳ እንተ በሉ ግን፡ ***ብህርዱግዱግ ዝመጽእ ቁምነገር ስለ ዘይ ህሉ፡ ከሳዶም ካብ መሸንቆቛ ኢትዮጵያ ኣውጺኦም፡ ኢዶም ከም ጲላጦስ ክሳብ ዘይ ሓጸቡ፡ ምስ'ቶም ቀዳሞት ናይ ሓደ ባጤራ ክልተ ገጻት ምኻኖም እዮም።***

ዘገርም እኳ እንተ ዘይ ኮነ፡ ኣሰከፍቲ ዝኾኑ ትዕዝብትታት፡ ካብ ተግባራቶም ይንጸባረቑ እዮም። ናብዚ ናይ ተቓውሞ ውራይ፡ ክመጹ ዘገደዶም ኩነታት፡ ንኹላቶም ብማዕረ ዝበጽሖም፡ ሓደ ዓይነት ጭቆና ከም ምኻኑ፡ እንቶ በዚ እንተ በቲ ይገልጽዎ እዮም - መሪር ዲክታቶርነት ይብሉ። እሞ ደኣ፡ ስለ ምንታይ እዮም፡ ስሙር ተቓውሞ ከካይዱ ዘይ መግበሪኦም ንዝብል ሕቶ፡ ከሕምዮም ዘኽእሉ ኣብነታት ስለ ዘለዉ፡ ናይ ዲክታቶርነት ምኽኒት ጥራይ ከኸውን ኣይ ክእልን።

## ***ሕጂ'ኸ ናበይ ናበይ?***

ከም ኣብ ኩሉ እዋናት ዝኽሰቱ ህልዋት ዛዕባታት፡/contemporary issues፡ ሎሚ'ኸ እንታይ ዘኪርና ኣብ ምንታይ ክንዛረብ ከም ንውጠጥ ዝዕድሙ ኩነታት መሊኦም እዮም፡፡ ገሊኦም ኣተስፈውቲ ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ካልእ ግን፡ ካብ ሰሮም ይሰውረና ደኣ እምበር፡ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ምድሩን ንኽዘርጉ፡ ልቢ ወለድ ሰርታት፡ ከባዙሑን ከባልሑን፡ ጠልቀፍቀፍ ዝብሉ ዘለዉ ውሑዳት ሑሱማት ከነቕልበሎም ይግባእ። ንሳቶም እቶም ሽም ናይ ተቓውሞ ሒዞም ዘለዉ፡ ጸላእቶምን ፈተውቶምን

*ፈላልዮም ንኽርእዩ ዘይ ግደሱ፤ እሞ ከኣ፡ ዓዊኖምዮም ኪይ ንብሎም፡ ብብልሕን ተመክሮን ሃብታማት ዝኾኑ፡ ከም ኩሉና ደቂ ኤረ ሃገራውያን እዮም። ተግባራቶም ግን፡ መትሓዚ ዘይ ብሉ ሃንደበታዊ /unpredictable ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።*

*እቃወም ኣሎኹ ንማለት፡ ከም መጽረይ ኣፍ ኮይኑ፡ ንህግደፍ ወይ ንመንግስቲ ኤርትራ፡ ወይ ድማ ንመራሕተን፡ ክሳብ መቐረቱ ዘጥፍእ ምህለላ ጸርፍን ምርጋምን ትርጉም የብሉን። ዝገብር ነዲኡ ነይ ነገር እኳ ዝበሃል። ዝግበር እንተሎ ምግባር፡፡ ካብኡ ሓሊፉ ተሪፉ ግን፡ ሃገር ትጠልቕ ወይ ትጥሕል ኣላ፤ ህዝቢ ይጸንት ኣሎ፤ መንእሰይ ይስደድ ኣሎ፤ ስራሕ የልቦን፤ መብራህትን ማይን የልቦን ወዘተ ምስ በልካ፤ ርጡብን ብሱልን ምኽንያታት ምስ ኩሉ እንትኡ - ማለት ኩፉኡን ጽቡቑን ተር ከም ዓተር ኈርካ ዘይ ተቕርብ እንተ ደኣ ኴንካ፤ ወድዕነት የብሉን ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ስነፍልጠታዊ ኣገባብ ወይ ስነ ስርዓት ስለ ዘይ ህልዎ፡ ኣየጋብርን እዩ። በንጻሩ ግን፡ ሃገራዊ ክብርን መዓርግ ህዝብን ዘቃልል፡ ስሪኡ ዝፈትሖ እምነት ኮይኑ ይተርፍ።*

*ትንዕ ኢልካ ጽንጽያ ንኸተንፍር፡ ዘድልየካ ሓይሊ ስምረትን ዕላማን ዘይ ብልካ ከሎኻ፡ እንታይ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል፡ ወግሔ ጸብሔ ከም ጸሎተ ሃይማኖት፡ ጸርፍታትን ኩነኔን ምድግጋም ?*
*ካብዚ ንታሕስቲ እምበኣር፡ ክትንከፉ ዝድለዩ ኣርእትታት፡ ብኽምዚ ዝስዕብ ኣመዳድባ፡ ተመቓሪሖም ኣለዉ።*

1. *ጠንቅታት ፍሽለት **<u>መኻን ተቓውሞ</u>** ከስዕቦ ዝኽል ሓደጋታት፤*
2. *ፍለማ ቦለኛዊ ኣኼባ - ተላኽፍቱን ወይ ተጻረርቱን*
3. *ሓንቲ ዘይ ሕጋዊት ዝነበረት መርከብ፡ ኣብ ኣሳልጦ ምሻጥ ወይ ንግዲ ሰባት እንከላ፡ ሓተትቲ ዑቕባ ኣሕዋትና ኤርትራውያን ለኪማ፡ ኣብ ባሕሪ ላምፐዱሳ ኢጣልያ ምስ ሰጠመት፡ ዝተኸስተ ህርድግዱግ ፖለቲካ፤*
4. *ላዕላይ ሰማይ እንተ ዝኸውን ዳኛ፤ ኤርትራ ዶስ ኢትዮጵያ ምኾነት በደለኛ፤*
5. *ምጅምማር ጠለባት ዕዙነት ንሃገራው ዕርቂ*

*-ኣብ ካልኣይ ክፋል ይቕጽል-*

Email: fewsilybee@yahoo.com